ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ሽቱትጋርትን ከባቢኣን

Zentralrat der Eritreer Stuttgart und Umgebung

المجلس الوطني للارتريين شتوتغارت والمناطق المحيطة بها

26.05.2018

ንዝምልከቶም ኣካላት ምንስትሪ ዜና

ዝኸበርኩም ኣባላት ዜና ሰላምታና ብምቅዳም ኣብ ስረሓትኩም ኣሳልጦ ንምነ።

ሆሃና ንመዓልቲ ናጽነት ኤርትራ 24 ግንቦት መበል 27 ግዜ ጽንብልና፣

ብምቕጻል ንሕና ተቐማጦ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን እውን ንመዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ብክብርን ብድምቀን ኢና ኣሕሊፍናዮ። ብወገንና መደብ ኣበዓዕላ ናጽነት ኤርትራ ብቐንያቱ ኢና ብምኽንያት 24 ግንቦት ዝተፈላለየ ንጥፈታት ነካይድ ።

ማለት ካብ ዕለት 12.05.2018 ጀሚርና ብጉዕዞ ብሽግለታ ዓበይትን ነኣሽቱን ዝተኻፈልዎ ናይ 40 ኪሎመተር ዝኸውን መደብ ጉዕዞ ተኻይዱ። ብድሕሪኡ ሰሙን ድማ ብዕለት 19.05.2018 ስፖርታዊ ውድድር ንመበል 20 ግዜ ዓመታዊ ፈስቲቫል ስፖርት መደብ ተኻይዱ፣ማለት ብብዝሒ ጋንታታት ህጻናት መንእሰያትን ዓበይትን ዝተኻፈልዎ እዩ ነይሩ።

ቀጺሉ ድሕሪ ሰሙን ድማ ብቐንዱ 24 ግንቦት ናጽነትና ብዕለት 26.05.2018 ብልዑል ክብርን ድምቀትን እዩ ሓሊፉ።

ኣብ ምጅማር መደብ ብተመሃሮ ቛንቛ ኣደ ህጻናት ብሃገራዊ መዝሙር እዩ ፈሊሙ፣ ተመሃሮ ብቛንቛ ትግሪኛ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎ ግጥምታትን ካልእን እዮም ኣቕሪቦም። ኣብ ታሪኽ ቃልስን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምውርራስ ዝግበር ቓልስን ዝጠቅስ ልዑል ኣድናቖት ዘለዎ ኣቀራርባ እዮም ኣቕሪቦም።ንኣለይቶምን ወለዶምን ብሓፈሻ ንኹሉ ህዝቢ ዘሔብን እዩ ነይሩ።

ብተወሳኺ ንክብርን ድምቀትን በዓል ናጽነትና ብግጥምን ባህላዊ ጉጅለታትን መደብ ቶርታን ብድምቀት ብዙሕ ህዝቢ ዝተሳቶፍዎ በዓል እዩ ሓሊፉ።

ክብርን ሞጎስን ንስዉኣትና

ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራ ከተማ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን